# ጽንዓት ይሃብኪ ኣደ።

ብ.ጴጥሮስ ተኽሉ (ሓላዪ)

11/02/2017

መንደበሳ፧ "እታዘይንሳ" ወያ ወላድ መኻን

ብሃንቀውታ ተጸባዩት ምኺንዶ ዘይምኺን

ንቡር ንምርካብ፣ ጸገምዩ፡ ተጸባዩ ምኻን፡

    ተደቢሳዶ ደሪባቶ ድርምም፧

    ኣዚዩ'ዩ ዘሕዝን ዘደንጹ ዘስደምም

    ተላጽያቶ ሰሚዐ ኩልሙሉ ጉዕምም፡

መኻዚኖ ሓዘን ብደዋ ነቂጻ

ከተማዕዱ ትውዕል ምዓስ'ሞ ቀቢጻ

ይዋእ ወላዲት የእዳዋ ደሓር ጠውያ

ክትበኪ ትውዕል ብሓዘን ተለልያ፡

    ትብልወ ኔራ ቀዳማየይሲ ጽሑፍትኡ ኢለዮ

    ናይ ካልኣይ ናይ ሳልሳይ ግን ምዓስ ሓሲበዮ!

ኣቱም ሰባት ጥፍኣተይ ገደደ ሓደ ድሕሪ ሓደ

ቦኽረይ ኣይተረፈ ዋላ ሕሳስ ልደ

መማዕደዊት ኮይነ በይነይ ተዓኒደ

ዘጸናንዕ ዘይብለይ ሓደ፡ ሓዘነይ ብኢሱ ገደደ

እንኮ'ኳ ዶ! ይስኣን ዝብል **<u>ጽንዓት ይሃብኪ ኣደ!</u>**

    ኣቲ መዓሙቕ ባሕሪ ክንደይከ ትደፍሪ

    ሰባትዶ ኣለዉኺ፧ ክብል ደልየ ሕድሪ

እንታዩ ቋንቋኦም፧ እንታዩ ጣቋኦም፧

ደቀይ ተዘሚተ መን'ዩ ዝኣከቦም፧

    ኣንታ ዓሳ ባሕሪ ዓይኑ ዘይዕምት

    ንኹሉ ትዕዘብ ናብ ኩሉ ተቋምት

ገለዶ ኣይርኣኻን ኣጋይሽ ናይ ባሕሪ

ይሓተካ ኣለኹ ኩነኒ ሓባሪ፡

ኣብቲ ደንደስ ባሕሪ ዘሎኻ ኣታ ሑጻ

ገለዶ ኣይርአኻን ካብተን ዝተመርጻ፤

ባሕሪ ገፊዕወን ናባኻ ዝመጻ

ከተባብዐን ደልየ ተስፋ ከይቆርጻ፡

ዘበነ ኣካሒዳ ዘበን ጥልመት

ሓዘን ይደራረበኒ ዓመት ዓመት!

ባሕሪ ተሓቲቱ..............ጥርቅም!

ዓሳ ተሓቲቱ ..................ጥርቅም!

ሑጻ ተሓቲቱ..................ጥርቅም!

ዓቕሊ.ጽበት'በር በየናይ ቋንቋኸ

ሰብ ተገፊዑ ከም ሕሱም ምስተዳዕኸ

ጠንቂ ይርዳናዲዩ ንፈልጦዶ ሕጂኸ!

ላምፓዱሳ ላምፓዱሳታት ስዒበናኣ

በብዝኸድናዮ ኤርትራውያን ዝውድኣ

ህዝብና ከጽንታ ኣትየንየን መብጽዓ

ምስቲ እኩይ ፍጥረት ከምዝተሰማምዓ፡

ባህርያዊ ባሕሪ ዝነበረን ዘሎን

ዝትንክፎ የለን ዘንብሮን ዘልዕሎን

ነቲጠንቂ ኮይኑ ህዝቢ ዝበታትን

ንዑኡ ንገዝዝ ብኹሉ ንፈትን፡

ነታወላድ መኻን ነታ ዝዘኽተመት

ነታ ዝተደግሰት ዳግማይ ዝተሃርመት

ነታ ዝጸልመታ ዓመት መጸ ዓመት

ደበስታ'ስከ ንኹን ትውጻእ! ካብ ደልሃመት።      **ጽንዓት ይሃብኩም ወለዲ ከኣልዎ፡**      ንበዓል መዓልቲ መዓልቲኮ ኣለዎ!